# ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ'ቲ
# ደጀን ህግዲፍ ኰይኑ ዝጸንሐ ከተማ ከለን ኣኼባ ኣካይዱ

## ወኪል ንሓርነት ዶት ኮም
02.10.2006



ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ጨንፈር ቍ.3 ዞባ ጀርመን ብ30 መስከረም 2006፡ ኣብ'ቲ ደጀን ናይ'ቶም እሙናት ስዓብቲ ህግዲፍ ኰይኑ ዝጸንሐ ከተማ ከለን ህዝባዊ ኣኼባን ለይታዊ ትልሂትን ኣካይዱ።

ድሕሪ ነዊሕ ብዅራት፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ክፉት ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ'ቲ መደበር ህግዲፍ ኰይኑ ዝጸንሐ ከተማ ከለን ምክያዱ፡ ንኣባላት ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ፍስሃን ብመጠኑ ውን ናይ ዓወት ስምዒትን ኣሕዲሩሎም። ብደገፍቲ ናይ ህግዲፍ ኣብ'ቲ ከተማ ቅድም ክብል ንህዝቢ ኣብ'ቲ ኣኼባ ከይሳተፍ ዘፈራርሕ ወረቓቕቲ ተዘርጊሑ ምንባሩ ይፍለጥ።

በዚ ሰጊኦም፡ ኣብ'ቲ ኣኼባ ዘይተሳተፉ፡ ላንግ ላንጋ ዝኾኑ መርገጽ ዘለዎም ኤርትራውያን ውን ኣይስኣኑን ኢዮም።

ኣብ'ቲ ብኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማርን፡ ብምኽትል ኣቦ መንበር፡ ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤልን ዝተመርሐ ኣኼባ ኣብ ከባቢ ቦንን ከለንን ዝርከቡ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራስን ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ኢዮም ነይሮም።

ኣባላት መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ሃገርና ሰፊኑ ዝርከብ ኵነታት፡ ብፍላይ ድማ፡ ሃለዋት መንእሰያትን፤ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝተጋህዱ ምዕብልናታትን፤ ውጽኢት 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጕባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ብዝርዝርን ብዕምቈትን ገሊጾም። ብዝያዳ ድማ፡ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጕባኤ ብዛዕባ ዝተወሰኑ ንዘይምእኩል ኣገባብ ምሕደራን ምምስራት ሰፊሕ ባይታ ዘለዎ ሰልፍን ኣመልኪቶም ፍሉይ ትኹረት ብምሃብ ኣስፊሖም መብርሂ ሂቦምሉ።

ኣብ'ዚ ጕዳያት'ዚ፡ ህያው ዝኾነ ክትዓት ንክልተ ሰዓታት ዝኣክል ግዜ ቀጺሉ። ብድሕር'ዚ፡ መድረኽ ንሙዚቃን ተላሃይትን ተገዲፉ ክሳዕ ሰዓት 6 ናይ ወጋሕታ ብዘይ ምቍራጽ ድሙቕ ባህላውን ዘመናውን ደርፍታትን ጸወታታትን ተኻይዱ።

